**ደምዳሚ መግለጺ**

**<u>መስራቲ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ</u>**

ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ብምስታፍ ሓላፍነታዊ ዘተ ኣካይዱ። ከምኡ'ውን ወለዶ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብምስታፍ ኣብ ኣገዳሲ ሃገራዊ ጉዳያት ድሕሪ ምዝታይ እምነ ኩርናዕ ሕድሕድ ምትእምምማን ኣቐሚጡ። ንቅዱስ ዕላማ ንምርግጋጽ ማለት ልዕልነት ሕግን ፍትሕን ደሞክራስን ፖሎቲካዊ ብዙሕነትን ዝነገሳ ሃገር ንምምስራት ተላዒሎም።

ነዚ ዕላማታት'ዚ ንምዕዋትን ግብራዊ ንምግባርን ድማ ሃገራዊ ዋዕላ 53 ኣባላት ኮሚሽን ካብ መንጎ ተሳተፍቲ መዚዙ። ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ መስራቲ ኣኼባታቱ ካብ 10-15 ነሓሰ 2010 ኣሰላሲሉ።

ኣብ መባእታዊ ኣኼባ ኮሚሽን ንሕድሕድ ዝምድናታትን ስርሓትን ዝውድብን ዝቐጻጸርን ንድፊ ውሽጣዊ ሕጊ ዘዳሉ ሽማግለ መረጸ። ኮሚሽን ድሕሪ ዓሚቕ ምይይጥ ንውሽጣዊ ሕጊ ኣጽደቐ። ኣብ ነጻን ደሞክራስያዊ ሃዋሁን ዝሰፈኖ ድማ ኮሚሽን መሪሕነቱ መረጸ። ብመሰረት እቲ ውሽጣዊ ሕጊ ከኣ ሸውዓተ ኣባላት መሪሕነትን ሓደ ጠቕላላ ተቆጻጻሪ መዘዘ። ንሳቶም ድማ፡

1. እምሃ ዶመኒኮ — ኣቦ መንበር
2. ዓብደርሑማን ጣሃ ኣልኑር — ምክትል ኣ/መንበር
3. ዓብደልቃድር ሓምድ — ጸሓፊ
4. ዓሊ መሓመድ ስዒድ — ኣቦ-መንበር ሽማግለ ፖሎቲካዊ ጉዳያት
5. መሓመድ ሳልሕ ኣቡበከር — ኣቦ-መንበር ሽማግለ ስርዒታዊ ጉዳያት
6. ዳንኤል ተወልደ — ኣቦ-መንበር ሽማግለ ዜና
7. ያሲን መሓመድ ዓብደላ — ኣቦ-መንበር ሽማግለ ፋይናንስን ምምሕድራውን ጉዳያት
8. ክብሮም ብርሃነ ደብሩ — ጠቕላላ ተቖጻጻሪ

እቶም ዝተረፉ ኣባላት ኮሚሽን ከኣ ዝተፈላለየ ጂኦግራፊካዊ ኣቀማምጣ ኣብ ግምት ብምእታዉ ናብ ኣርባዕቲኡ ሽማግለታት ተኸፋፊሉ። ነፍሲ ወከፍ ሽማግለ ድማ ንቀዳማይ ምዕራፍ ዝርዝር መደባት ኣርባዕተ ወርሒ ንምስራዕ ተበገሰ። እቲ ናይ ምይይጥ ሃዋሁ መንፈስ ብድሆን ክብደት ሓላፍነትን ኤርትራውያን ኣብ ጉዳያት ሃገሮም ናብ ስምምዕ ኣይበጽሑን'ዮም ዝብል ዝነበረ ስግኣት ብምስጋር፡ እዚ ድማ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ንምፍጻም ውሳኔታት ሃገራዊ ዋዕላ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንምስልሳል ዘለዎ ኣድላይነት ዝዓለመ'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ ኮሚሽን ንኣምንቲ ምስልምና ኣብ ኤርትራ ብምኽንያት ጾም ሮሞዳን ዮሃና ይብል።

**ዓወት ንሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራስያዊ ለውጢ!!**
**ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ !!**

**ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮሚሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ**
**17 ነሓሰ 2010**